# ደም ዝጥዕሞ ይጥዓሞ፡ በቶም ብኤርትራውነቶም ዝሕበኑ ጅጋኑ መንእሰያትና፥ ኣዚና ኰሪዕና ኢና!

ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚ፡ መናእሰይን ዕድመ ዝደፍኡን ኤርትራውያን፥ ***"እንቋዕ ኤርትራዊ ኰንኩ! ብመንነተይ ተሓቢነ!"*** ኪብሉ ክትሰምዕ፡ ንቡር'ዩ። ነዞም ናይ ልቢ ቃላት፥ ካብ ማዮም ዝሰተዩ ክትሰምዖ'ኳ እንተዘይገረመካ፤ ካብ መንእሰያት፡ እሞ ኸኣ ካብቶም ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩን፤ ቋንቋ ናይታ መበቈላዊት ሃገሮም ዘይመለኹን ክትሰምዖ ዘስደምም'ዩ። ምስጢሩ ኪጽናዕ ከምዘለዎ ከኣ ይስወጠካ።

እዞም ሓቀኛ ስምዒት ዚገልጹ ቃላት ግን፡ ካበይ ይብገሱ? ምስጢሩ ዘይፈልጥ ሰብ፡ ብትምክሕቲ ኪትርጕሞ ይኽእል'ዩ። እቲ ሓቂ ግን፡ ***ብኤርትራውነትካ ምኹራዕን፡ ብመንነትካ ምሕባንን፡*** ካብ ማህጸን ናይተን ጸኒዐን ዘጽንዓ ኣዴታት እናተወራረሰ፡ ኣብ ኣንጕዕ እናሰረጸ፡ ከይተቘርመሞ ናብ ሓድሽ ወለዶ ዚሰጋገር፥ ***ጽንዓትን ተወፋይነትን*** ዘንቀሎ ሓያል ሃገራዊ ፍቕሪ'ምበር፥ ትምክሕታዊ ኣበር የብሉን። ንምኳኑ ደቂ ኣረ ንምንታይ ነዚ ስምዒት ከይተሰከፉ ይድሕድሕዎ? ከም ዓለሞም ደቂ 9 ወርሒ'ዶ ከይኰኑ? ደቂ ካልእ ሃገርከ፡ ካብኦም ብኸመይ ይፍለዩ ምፍላጥ የድሊ። ምስጢር ናይቲ ፍሉይ ባህር'ዚ ብምፍታሽ፡ ንኸይትጋገ ዝሕግዙ ሓያላት መርትዖታት ስለዘለዉዎ።

ኤርትራውያን ካብ ዝፈጸሙዎ ቅያታት ጅግንነት፥ ቊንጣሮ ጥራይ ክጠቅስ'የ። ንዝዓበየን ዝዓሞቘን ቅያታት ኣቈናጺበ ግን ኣይኮንኩን።

## I. ካብ ጥንቲ፡ ሰውራ ቅድሚ ምጅማሩ፥ ኤርትራውያን ክብረቶም ንምሕላው ካብ ዝፈጸሙዎም መሰደመም ቅያታት ጅግንነት፡-

- 1). ኣብ ኤርትራ ንባዕዳዊ መግዛእቲ መኪቶም ኣላሸ ካብ ዘበሉ ጅጋኑ፡ ***ራእሲ ወልደሚካኤል ሰለሞን፡ ዓብደልቃድር ከቢረ፡ ባህታ ሓጐስ(ኣባጥመር)፡ ዑመር ሃኪቶ*** ወዘተ... ብኣብነት ይጥቀሱ።
- 2) ***ኣብርሃ ደቦጭን መጎስ ኣስገዶምን(ደቂ ኤረ)*** ኣብ ልዕሊ'ቶም ንመላእ ኢትዮጵያ ወሪሮም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንህዝቢ ዚህድዱ ዝነበሩ ኢጣልያውያን ዝፈጸሙዎ ጅግንነት ምእማኑ ዘጸግም'ዩ።

- 3) ጅግና ዘርኣይ ደረስ፡ ኣብ ማእከል'ቶም ንሰብኣዊ ክብረት ሓበሻ ብብድዐ ዘሸካዕልሉ ዝነበሩ ወተሃደራት ፋሺስት ኢጣልያ ኣትዩ፡ ኣብ ሮማ ዘባህርር ቅያ ጅግንነትን መስዋእትን ፈጺሙ።

## II. ካብ ምጅማር ሓራካን ሰውራን፡ ክሳብ መላእ ሓርነት፥ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ብዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ዝተፈጸሙ ቅያታት፡-

- 1). ሓርበኛታት ኣቦታትና ወልደኣብ ወ/ማርያምን ኢብራሂም ሱልጣንን፡ ሞትን መቑሰልትን እናሰዓሩ፤ ሓድነትን ጽንዓትን ብግብሪ እናኣመስከሩ፤ ንህዝቦም ብምምሃር ዘርኣዩዎ መኸተ።
- 2). ኣብ ወጻኢ ተማሂሮም፡ ምቹእ ምዕራባዊ ናብራ ኪመርሑ እናኸኣሉ፤ ነዚ ራሕሪሖም ሰውራ ንምስዋድ፡ "ዓወት ንሓፋሽ!" ኢሎም ህዝቢ ዘገልገሉን ዝተሰውኡን ምሁራትን ክኢላታትን።
- 3). "ንስኻ ጽናሕ ኣነ ክሰዋእ!" እናበሉ፥ ነቲ ብሓያላት ሃገራት ተሓጊዙ፡ ንሰውራ ኤርትራ ኪድምስስ ዝመጸ ሰራዊት ኢትዮጵያ ብብረቱ ብጥይቱ ደማሲሶም ዝሰዓሩዎ ውፉያት ተጋደልቲ። ክምዚ ዝዓይነቱ ጽንዓትን ተወፋይነትን "ዘኢትነገር'ዩ" ዝበሃል።
- 4).ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ናብ ሰውራ ውሒዞምን ሓጊዞምን፤ ኣዴታት ኾሉ ስልማተንን ደሞዘንን ወፍየን፤ ፈስቲቫል ቦሎኛ ከም መግለጺ ሓድነት ፉሕ ፉሕ ኢሉ። እዚ ተደማሚሩ፥ ኣፍካ መሊእካ፡ ካልኣት ኣህዛብ ናይ ካልእ ሃገራት'ውን ዝገብርዎ'ዩ፥ ክትብል ዘጸግመካ፥ ፍሉይ ኤርትራዊ ጸጋ ምኻኑ ይበርሃልካ።

## III. ሃንደበት ከድዓታዊ ወረር ወያነ ምስ ኣጋጠመና፥ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንሉኣላውነት ሃገሩ ካብ ዝፈጸሞም ቅያታት፡-

- 1) ኤርትራውያን ከይተጸውዑ ናብ ቅድመ ግንባር ተጓይዮም። ዋርሳያት ኣብ ግንባራት እግሪመኽል፡ ዓሊተና፡ ጾሮና፡ ዓዲ በጊዖን ዓሰብን፥ ካብ ናይ ይከኣሎ ዘይንእስ ቅያታት ብምፍጻም፥ "ኣላህዮሙና!" ክሳብ ዝብሉ ንዓመጽቲ ቀጺዖም ኣሰኪሖሞም።
- 2) ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ ንድሕነት ሃገሩ ብኣሽሓት ዶላራት እናወፈየ፥ ንመንግስቱን ሓይልታት ምክልኻሉን ገጥ ኣቢሉ። ብስምረትን ጽንዓትን ከቲቱን መኪቱን፡ መጕቱን ከኣ ተዓዊቱ።

- 3). ጸላእትና፡ ኣይሰላም ኣይኲናት ዝነት ፈጢሮም፡ ኤርትራዊ መንእሰይ ጕልበቱ ከባኽኑ'ዮም ወጢኖም። ብኣንጻሩ ግን ብሓደ ኢዱ ብረት፡ ክልእ ኣፍራዛ ሒዙ ልምዓት ፈጢሩስ፤ ውሕስነት መግቢ ዘረጋገጸትን ሸቶ ሚለንየም ዘማልአትን ሃገር ፈጢሩ'ዩ።

## IV. ባይቶ ጸጥታ ብኸድኢ ሕ.መ.ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘሕለፎ፡ ዓማጽን ዘይፍትሓውን እገዳታት ብምቅዋም ካብ ዘርኣዮም መኸተ፡-

- 1). ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ፡ **"ሓደ ህዝቢ ሓደ ልቢ!"** ብምኻን ኣብ ስትራስበርግ፡ ጀኔቫ፡ ዋሺንተን፡ ሳንፍራንሲስኮን ኣደላይደን ሰላማዊ ሰልፍታት ኣካይዶም ብጽንዓቶም ንዓለም ኣሰንቢዶማ።
- 2). ብመትከል ርእሰ ምርኰሳ ኤርትራ ዝረዓዱ ጸላእቲ፡ ኣብ ወጻኢ ካብ ዚቕመጡ ዜጋታታ እትረኽቦ እቶት ንኸንጽፉ፡ **2%** ንኺእገድ ዚገበሩዎ ፈተነ፥ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ብስሙርን ሓያልን ተቓውሞ **"ንሱ'ኳ ውሒዱ!"** ብምባል ኣፍሺሎሙዎ።

ነዚ ዅሉ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፥ **"ብኤርትራውነተይ ተሓቢነ! እንቋዕ ካብዚ ህዝቢ'ዚ ተፈጠርኩ!"** እንተበልካ ዘምሕረልካ'ዩ። ሂወቱ ከፊሉ ነጻነትን ክብረትን ንዘልበሰካ ጅግና፥ እንቋዕ ናተይ ኰንካ ኪትብሎ ሓላል'ዩ። ዕልል እናበላ ንደቀን ናብ ሰውራ ኣፋንየን፥ መስዋእቶም ምስተነግራ'ውን ክንዲ ኣውያት ዕልልታ ንዘስማዓ ጽኑዓት ኣዴታት፡ እንቋዕ ካብቲ ለዋህ ማህጸንክን ወጻእኩ ክትብለን ዚግብኣን ሞሳ'ዩ። ኣብዚ ግዜና፡ ከምዚ ዝዓይነቱ ጽንዓትን፡ ሂወትካ ንሓፋሽ ምውፋይን የለን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ፡ ፈላጣት ግዜና ዕሽነት'ዮም ዚቈጽርዎ። ብስለት ንኣታቶም፡ ዓሚጽካን ዓማጺጽካን ገንዘብ ምእካብ ጥራይ'ዩ። ካብኦም የድሕነና፤ ንፋሶም ኣይልከየና። ስለዚ ኣነ'ውን ከም ዅሎም ጀጋኑ ደቂ ሃገረይ፡ ሰኽፍ ከይበለኒ፡ **ብኤርትራውነተይ ስለዝሕበንን፡ ብመነንተይ ስለዝኾርዕን፤ ነቶም ንመንነቶም ዝሕብኡ ወረስቲ ሕድሪ ኣገናዕ እናበልኩ፥ ዋዕላ ስቶኮልም ዕዉት ኪኾነሎም እምነ።**

ክብርን ዝኽርን ሂወቶም ከፊሎም ነዚ ክብር'ዚ ንዘውረሱና ሰዉኣት!

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ!                    መትከል ኣስመሮም ሽወደን።